
# መሬትን ውሕስና ምግቢን ኣብ ትግራይ

ከበደ ማንጁር



ፎረም ፎር ሶሻል ስተዲስ
FORUM FOR SOCIAL STUDIES

*FSS Discussion Paper No.15*

# መሬትን ውሕስና ምግቢን ኣብ ትግራይ

ከበደ ማንጁር

ፎረም ፎር ሶሻል ስተዲስ
FORUM FOR SOCIAL STUDIES (FSS)

© 2013 ዓ.ም ፎረም ፎር ሶሻል ስተዲስ
አዲስ አበባ

ኩሉም መሰላት እት ሃታሚ ብሕጊ ዝተሓለው እዩም

ISBN: 978-99944-50-76-3

ፎረም ፎር ሶሻል ስተዲስ
ፖ.ሳ.ቁ. 25864 ኮድ 1000
አዲስ አበባ፣ ኢትዮጵያ

ኢሜይል፡ fss@ethionet.et

ድረ-ገጽ፡ www.fssethiopia.org.et

ህትመት እዛ መፅሓፍ ሻላ ኦፐን ሶሳይቲ ኢኒሽየቲቭ ፎር ኢስተርን ኣፍሪቃ (Open Society Initiative for Eastern Africa) ዝተብሃለ ትካል ዓለም-ለኸ ግብረ ሰናይ ብዝተረኸበ ሓገዝ ገንዘብ'ዩ። ኣብዛ ህትመት ዝተገልፁ ሓሳባት ንናይ ኣባላት ቦርድ ኣመራርሓ ስራሕቲ ፎረም ፎር ሶሻል ስታዲስን ተሓባበርቱን ወይ ድማ እቲ ሓገዝ ዝገበረ ኦፐን ሶሳይቲ ኢኒሽየቲቭ ፎር ኢስተርን ኣፍሪቃ መረገፅን ቅዋምን ከየንፀባርቐ ይኽእል'ዩ።

ዝርዝር ትሕዝቶ

1. መእተዊ ............................................................................................................1

2. ውሑስ ዋንነት መሬትን ውሕስና ምግቢን ......................................................3

3. ናይ መሬትን ውሕስና ዕዳጋ መሬትን ኣብ ኢትዮጵያ .......................................4

4. ምምሕያሽ ዋንነት መሬትን ውሕስና ምግቢን ..................................................6

5. ከይዲ ዋንነት መሬት ኣብ ትግራይ ...............................................................12

6. ኣብ መሬት መሰረት ዝገበረ ዕዳጋ ተኮር ሕርሻ ከምርጋግፅ ውሕስና ምግቢ መማረፂ ስትራቴጂ ...........................................................................................13

7. ኣብ ፖሊሲ ዘለዎ ረብሓ.........................................................................14

7. References....................................................................................................16

# መሬትን ውሕስና ምግብን ኢትዮጵያ መእተዊ

ሃገርና ኢትዮጵያ ዕብየት ማሕበራዊን ቁጠባዊን ንምርግጋፅ ዘኽእልዋ ኩለመዳይ ፖሊሲታትን ስትራተጂታትን ብምሕንፃፅ ንቕድሚት ትምርሽ ከምዘላ ዝፍለጥዩ። ብፍላይ ብኣቶፃፅራ ፈረንጂ ካብ 2000-2010 ዘለዋ ዓማዉቲ ዕብየት ኢኮኒሚያዊታ ሃገር ብኣማካይ ብዓመት 0.3 ሚእታዊ ምስት ምንባሩ ኣብ ዓለም ብቑልጡፍ ካብ ዝዓብያ ዘለዋ ሃገራት ሓን ንምኳን ክኢላ'ያ።

ብተመሳሳሊ ብመዳይ ምስፍሕፋሕ መሰረተ ልምዓት ብዝተሰርሐ ስራሕቲ ምብፃሕ ማሕበራዊ  ግልጋሎት ናብዝዓበየ ብርኪ ንምስግጋር ተኽኢሉዩ።

ኮይኑ ግና በዚ መዳይ ዝተመዝገበ ዓወት ከምዘሎ ኮይኑ እታ ሃገር ዛጊድ ካብ ኣብ ትሑት ምዕባለ ዝርከባ ሃገራት ዓለም ታርታ ክትወፅእ ኣይክኣለትን።

ብምዕባለ ኢንዱስትሪን ግልጋሎትን  ኣቢሉ ኣብ  ምንካይ ስእነት ስራሕ መናእሰይ ዝተገብረ ፃዕሪ ዕዉት ኔሩ ንምባል ኣጸጋሚ'ዩ። በዚ ምኽንያት ድማ ኢኮኖሚ እታ ሃገር ኣብ ግብርና ፅግዕተኛ ኮይኑ ይቕፅል ኣሎ።

ከምትዝፍለጥ እት ግብርና ናብ ወፃእ ካብ ዝልኣኹ ምህርቲ (Export Items) 84 ሚእታዊ ዝሸፍን እንትኾን 80 ሚእታዊ እቶም ኣብ ስራሕ ዝተዋፈሩ ሓይሊ ሰብ ድማ ኣብዚ ክፋል ኢኮኖሚ ይርከቡ።

ኣብ ምዉቃፅ ማይ ኣዝዩ ፅግዕተይና ዝኾነ እት ግብርና ብዝተፈላለዩ ፀገማት ተፎጥሮን ከባብያዊን ከምኡዉን  ብመዳይ ቴክኖሎጂን መሓውራዊን ፀገማት ኣለዉዎ።

ብተወሳኺ ሕፅረት ማይን ግዚኡ ዘይሓለወ ማይ፣ ለዉጢ ንብረት ኣየርን ሳዕቤናቱን፣ ምምንማን መሬት ሕርሻን  ምሽርሻር ሓመድን  ካብ ሞንጎ እተን ቀንዲ ፅዕንቶ ዝገብራ ዘለዋ  ፀጋማት ተፈጥሮ እንትኾና  ኣናእሽተይ ሓረስቶት ብግቡእ ዘየማእኸለ  ሕቶን  ምዉናን መሬት ን ፣ምስ ስእነት ኣብ ስርጭት ሃፍቲ ተፈጥሮ ዝተደረኸ ፖሊሲን  ብኡ ኣቢሉ ድማ እቲ መጠንን  ፅርየትን  ንኣናዕሽቲ ሓረስቶት  ዝወሃብ ደገፍ   ንፁር ዘይሞኳን ነት ክፋል ኢኮኖሚ ዓቢጦም ካብዛሓዝዎ ፀገማት መሓዉር እቶም ቀንዲ እዮም።

ኣብዚ እዋን'ዚ ከቢድ ሕፅረት መሬት ሕርሻ ኣብ ኩለን ክልላት ዝርኣይ እንትኾን መጠን ሕርሻ ነብስ-ወከፍ ብብዓመት ይቕንስ መህላዉ ኣብዚ መዳይ ዝተገበሩ መፅናዕቲ የረድኡ፡፡

እቶም ግዳያት እዚ ፀገም ድማ ናብ ስራሕ ዓለም ዝኣትዩ ዘለዉ መናእሰይ ምኳኖም ዝፍለጥ'ዩ፡፡

ስለዚ ኢኮኖሚ ኢትዮጵያ ናብ ዝለዓለ ብርኪ ንምስግጋር ዝግበሩ ፃዕርታት ግሁድ ንምግባር ነዝ ብተፈላለየ ፀገማት ተኣሲሩ ዝርከብ ክፋል ኢኮኖሚ ግብርና መፍትሕ ምርካብ ኣገዳሲ ይኸዉን፡፡

ምስ እት ዘሎ ወድዓዊ ኩነታት ዝቃደዉ መፍትሕታት ንምእላሽ ድማ ኣብቶም እዝ ክፋል ኢኮኖሚ ዝምራሓሎም ፖሊሲታትን ስትራተጂታትን ዘተደረኹ ዛዕባታትን ምይይጥን ምክያድ ኣድላይ ምኳኑ ኣየጠራጥርን፡፡

ብመሰረት እዚድማ ፍረም ፍር ሶሻለ ስተዲስ (ኤፍ ኤስ ኤስ) ከምት ቕድም ክገብሮ ዝፀንሐ ኣብዝ እዋናዊ ዋኒን ዝጠመተን "**መሬት ኣጠቓቕማ መሬትን ዉሕስና ምግብን ኣብ ኢትዮጵያ**" ዘርእስቱ ዝኾነ ሰብሕድሪ ዝታሰተፉሉን ብቑፅረን 9ተ ዝኾና መደባት ምይይጥ ዘዳለወ እንትኾን ካበዚአን እተን 6ተ ብብሄራዊ ብርኪ ኣብ ኣዲስ ኣበባ ዘተኸየዳ እየን  እተን ዝተረፋ 3ተ ድማ ብብርኪ ክልላዊ ምምሕድራት ኣብ ጉዳያት መሬት ጠመተ ዝገበራ ዛንታታት ኣብ ትግራይ ኦሮምያን ኣምሓራን ክልላዊ ምምሕድዳራት ዝተኻየዳ እየን፡፡

ብመሰረት እት መደብ ብዕለት ሓሙስ ለካቲት 19/2012 ዓ.ም "**መሬትን ዉሕስና መግቢን ክልል ትግራይ** "ብዝበል ርእሲ ኣብ ከተማ መቐለ ዛንታ ተኸይዱ ኔሩ፡፡

ኣበዝ መደብ እዚ ካብ ዝተፈላለዩ ትካላት ፌደራልን ክልላዊ ምምሕድዳር ትግራይን ዝተወከሉ ኣካላት፣ ኣብ እት ዋኒን መፅናዕትን ምርምርን ዝነጥፉ ምሁራን፣ ተወከልቲ ማሕበራት ሲቪል ትግራይ፣ ሚድያን ካልኦትን ዝተሳተፉ እንትኾን  ኣብት መደብ ዶ/ር ከበደ ማንጁር ***ጉዳይ መሬትን ዉሕስና ምግብን ኣብ ክልል ትግራይ*** ዘርእስቱ ፅእናታዊ ወረቐት ኣቕሪቦም፡፡ ቀፂሉ ድማ ኣብት ዝትቐረበ ወረቐት ተደሪኹ ምይይጥ ተካይዱ'ዩ፡፡

ብፍላይ ዶር ከበደ ኣብት ኣጋጢሙ ኣሎ ዝበሎ ጸገም ምብጠጣስ መሬት ሕርሻን ከምኡዉን ኣብት ክልል ዝርኣይ ጸገም ዉሕስና ምግቢ ንምንካይ ይረድኡ እዮም

እሉም ኣብዘቐረብዎም  መፍትሓትን ሓሳባትን ፖሊሲ ዘድሃበ ዕኩል ዝኾነ ምይይጥን ሞገትን ብተሳተፍቲ ተካይዱ'ዩ።

ፎረም ፎር ሶሻል ስተዲስ ( ኤፍ ኤስ ኤስ) እዉን ከም እትልሙድ እታ ወረቐትን ዉጽኢት ኣብት ወረቐት ተደሪኹ ዝተገብረ ምይይጥን ግቡእ ኣርተኦት ድሕር ምግባር እነሆ እዛ ን ኢሽተፍ- መፅሀፍ ኣሀቲሙ  ነቶም ዕድል ዘይረኻቡን ካልኦትን ኣቕሪቡ ኣሎ።

በዚ ኣጋጣሚ ነዛ ዝተጠቐሰት ወረቐት ዘቕረቡልና ዶ/ር ከበደ ማንጁርን እዛ መደብ ኣብ ከተማ መቐለ ኣብምድላዉ ዝተሓባበሩናን ኩሉ መዳይ ደገፍ ዝገበሩልናን  ዶ/ር ቀለመወርቅን ከመኢድማ ዕድማና ብምኽባር ኣብት ዛንታ ዝተረኽቡልና ኩሎም ተሳትፈቲ እት መደብ ከመስግን ይፎቱ።

ኣብ መወዳእታ ነት ፕሮጀክት ዛዕባን ህትመት ዉፅኢቱን ንምጥያሽ ደገፍ ገነዘብ ንዝገበረልና ኦፐን ሶሳይቲ ኢንሽዩቲቭ ፎር ኢስተርን ኣፍሪቃ (Open Society Initiative for Eastern Africa) ንዝተብሃለ ትካል ዓለም-ለኸ ግብረ ሰናይ ብሽመይን ብ ሽም ፎረም ፎር ሶሻል ስተዲስ (ኤፍ ኤስ ኤስ) ን ምስጋና የቕርብ።

የራስወርቅ አድማሴ

ድሬክተር ዋና መፈፀሚ ስራሕቲ

ፎረም ፎር ሶሻል ስተዲስ (ኤፍ ኤስ ኤስ

# መሬትን ውሕስና ምግቢን ኣብ ትግራይ

## 1. መእተዊ

ምውሳኽ በዝሒ ህዝብን ነብሲ ወከፍ ተቐላባይነትን ኣብ መሬት ሃፍቲ ዓብዩ ፀቕጢ ይፈጥር ኣሎ። ምንም'ኳ ኣብ ዝሓለፉ 30 ዓመታት ኣብ ዓለም ምህርቲ እኽሊ ብዕፅፊ እንተወሰኸ ዳርጋ 1 ካብ 9 ሰባት ክሳብ ሕዚ ኣብ ጥምየት ይርከቡ። እዙይ ከባብያዊ ፀገምት ብዘይጋድድ ኣብ ምውሳኽ ውሕስነት ምግቢ ዓለም-ለኸ ፀገማት ሕቶ እናልዓለ ይርከብ። ዋላ'ኳ እዚ ጉዳይ ዓለምለኻዊ ተዛምዶ ይሃልዎ ንዓና'ውን ብዓብዩ ይፀልወና እዩ።

ኣብ መሬት ዘለዉ ምንቅስቓሳት ዝትግበሩ በቶም ታሕተዎት ኣካላት ዋላ'ኳ እንተኾነ እቶም ውሳነታት ብዓለምለኻዊ ጥራሕ ዘይኾኑስ ብክልልን ታሕተዎት ሓይልታት እውን እዩ። ኣብ ከም ኢትዮጵያ ዝበላ ብሕርሻ ዝናበራ ሃገራትመሬት ብዙሕ ጥቕምታት ስለዘለዎ መሬት ምርካብ ማለት ኣብ መካተታይ ኢኮኖምያዊ ዕብየትን ምርግጋፅ ውሕስነት ምግቢን ዓቢይ ረብሓ ኣለዎ። ውሕስነት ምግቢ ዝሓቘፎም ነገራት እኹል ዝኮነ ምግቢ ምህላውን ምጥቃምን ንነውሕ ዝበለ ግዜ ዝተረጋግዓ ኣቕርቦት ናይ ምግቢ ምህላውን እዮም።

መሬት ምምሕዳር ማለት ከይዲ ኣወሃህባ ውሳነ መሬት ናይ ምርካብ፣ መሬት ናይ ምጥቃም፣ ሃፍት ተፈጥሮ ናይ ምጥቃምን፣ እዞም ውሳነታት ዝትግበርሉ ሜላን ተቃረንቲ (ተፃፀርቲ) ድሌታት ዝፍተሑሉ መንገድን ማለት እዩ።

መነባብሮ ንከይመሓየሽን ዘላቒ መሬት ምምሕዳር ንከይህሉን እት ዓብይ ፀገም ኣብ መሬት ዘሎ ሰፊሕ ፀቅጥን ምሽማይን፤ ብፍላይ ገንዝብ ዘለዎም ናይ ደገን ናይ ውሽጢ ዓድን ሰብ ሃፍቲ መነባብሮኦም ኣብ መሬት ጥራሕ ዝተመስረተ ምስ ነበርት እት ከባብ (ኣናእሽቱ ሓረሰቶት) ዝፃባእ ዕላማ ስለዘለዎም እዚ ከመይ ይትዓረቐ (ይፍታሕ) ዝብል እዩ።

ብዓት ናይ ደቅ ኣንስትዮ፣ደቅ ተባዕትዮ፣ማህበረሰብን ትካላትን መሬት ናይ ምርካብ መሰል ዉሑስ ንምግባር ኣብ ሱሩዕን ዘይስሩዕን ከይዲ መሬት ዋንነት መምርሕን ከምኡ'ውን ኣብ ዓበይቲ ናይ ምምሕዳር መስርሕ ውሽጢ ብዝህሉ ናይ ሕጊ ከለላ ደረጃን ዝተመስረተ እዩ።

ኣብ 1996 ኣ.ም.ፈ ኣብ ሮማ (ኢጣልያ) ኣብ ዝተኻየደ ናይ ምግቢ ዓለም-ለኸ ኣኼባ ከምዝገለፆ ውሕስና ምግቢ ተረጋግፁ ዝብሃል ኹሉም ደቅ ሰባት ኣብ ኩሉ እዋን ናይ ኣካልን ናይ እኮኖሚን ዓቅሚ ንእኹል፣ዉሑስ፣ናይ ምግቢ ድልየቶም ዘማልእ፣ ዝተመጣጠነን ዝመረፅዎ ምግቢ ንምምጋብ እንትህልዎምን ቡቁፅን ጥዕንኦም ዝተሓለወን ሂወት ክህልዎም ከሎን እዩ።

ውሕስና ምግቢ ዓለም-ለኸ፣ብሀገር ደረጃ፣ብክልል፣ ብወረዳ፣ ብጣብያን፣ ብስድራ ቤት ኣብ ውሽጢ ስድራ ቤትን ዘሎ ናይ ምግቢ ኣቕርቦት፣ ተበፃሕነት፣ ኣጠቓቕማን ናይ ምግቢ ምርግጋፅን ንምግላፅ ይጠቅም። ናይ ምግቢ ኣቕርቦት ማለት ፅርየቱ ዝሓለወን እኹልን መጠን ምግቢ ቀፃልነት ብዘለዎ መንገዲ ምምራት፣ምፅዳግ ወይከዓ ብሓገዝ ምረካብ ዘጠቓልል'ዩ። ናይ ምግቢ ተበፃሒነት ተማሊኡ ዝብሃል ማለት ዉልቀ-ሰባት፣ማሕበረሰባት፣ወይከዓ ሃገራት እኮኖሚያዊ፣ ሕጋዊ፣ፖለቲካዊ፣ማሕበራዊ ሃፍትን መሰልን ዘድልዮም ዝተመጣጠነ ምግቢ ንምርካብ ዓቅሚ እንትህልዎም እዩ።

ኣጠቓቕማ ምግቢ ክበሀል ከሎ ድማ መሰረታዊ ናይ ዝተመጣጠነ ምግቢ ፍልጠት ምውናን ዝሓትትን ከይዲ ኣደላልዋ ምግቢ ማለት'ዉን ፅሩይ ማይ፣ፅሬት ምግቢን ምግቢ ዝዳለዉሉ ኣቕሑትን፣ከይዲ ኣሰራርሓ ምግቢን ትሕዝቶ ምግቢን ዘጠቓልል'ዩ። ናይ ምግቢ ምርግጋፅ ማለት ድማ ናይ ምግቢ ኣቕርቦትን ተበፃሕነትን ንዝተፈላለዩ ተፈጥሮኣውን ሰብ-ሰራሕን ሓደጋታት ኣብ ዝኾነ ይኹን እዋን ተፃዊሩ ክሓልፍ ከሎ ማለት እዩ። ናይ ምግቢ ውሕስና ክልስ ሓሳብ ብኣርባዕተ መልከፅታት ክርአይ እንከሎ ካብ ቐሊልን ሓደ መዐቀንን ማለት ዉን ብጥምየትን ድርቀን ጥራሕ ምግላፅ ሓልፉ ናብ ዓብይ ጊዜ ዘይህብ ማሕበራውን ፖለትካውን ዛዓባ ምኻን ተሸጋጊሩ እዩ።

ንኣብነት በቪያ ካምፔሽያ ብ 1996 ኣ.ም.ፈ ናይ ምግቢ ሉኣላውነት ክልስ ሓሳብ ፀሓፊ ከምዝገለፆ ንምግቢ ልኣላውነት ዝሰርሑ ሰባት (ትካላት) ናይ ምግቢ ውሕስና ኣፈፃፅማ ትኹረቱ ኣብ ኢንቨስተራትን (ዓብይ ሕርሻ) ኣብ እንዱስትሪ ዘድሀበ ሽርክና ሕርሻን ብዋናነት ከዓ ኣብ መሪፅካ (ሓሪኻ) ምምራት (specialized production)፣መሬት ምሽማይ፣ኣብ ንግድ ልውውጥን ዝተመስረተ ከምዝነበረን ይሕብር።

እዝ ናይ ምግቢ ሉኣላውነት ኣፈፃፅማ ስነምህዳር ኣብ ምዝባፅ፣ ኣብ ኣናእሽተይን ካብ ኢድ ናብ ኣፍ ዝኾኑ ሓረስቶትን ከባባያዊ (አናእሽቱ) ዕዳጋታትን ዓብይ ፅልዋ

ገይሩ እዩ። እዝ ኣመለኻኽታ ርክብ ስልጣን ዝምልከት ተወሳኺ ሓሳብ እውን ከምፅእ እዩ።

ሓረስቶት ውሕስነት ምግቢ ንከየማሓይሹ ዝዓግቱ ብዙሓት ነገራት ኣለው። ካብዚኣቶም ብዋናነት ዝጥቀስ ድማ ውሕስ ዝኮነ መሬት ምርካብ እዩ። ዋንነት መሬት ማለት መሬትን ካልኦት ሃፍቲ ናይ ምርካብን ምጥቃምን ስርዓት እዩ። ውሕስነት ምግቢ ማለት ድማ እኹል ዝኾነ ምግቢ ምህላውን ምርካብ ምጥቃምን ንንውሕ ዝበለ ግዜ ዝተረጋገፀ ኣቕርቦት ምርካብ ማለት'ዩ። ብሓፈሻኡ ኣብ ክልቲኦም ርእስታት ምርምር ብዝተፈላለየ መንገዲ ይርኣዩ እንትኾኑ እምበር ተመሳሰልቲ እዮም። እቲ ናይ መጀመርያ ዘትኩሮ ኣብ ምርካብ መሬት ተጠቃምነትን ፍልፍል ኣታውን እንትኸውን እቲ ካልኣይ ድማ ካብ ፍልፍል ኣታዊ ክሳብ ምጥቃም ምግቢን ደረጃ ስነመዓዛን እዩ። ኣብዚ ቀረባ እዋን መሰል ዋንነት ከም ፖሊሲ መሳርሒ ዓብዩ ትኩረት ረኺቡ ንምርካብ ምግቢ ይፀልዎ ኣሎ። ኣብዚ ንምርካብ ዝተፈተነ ንዘን ክልተ ስነ ሓሳባት ማለት እውን ውሕስና ዋንነት መሬት ብኸመይ ስድራ ተኮር ምግቢ ውሕስና ከምዝፀልዎ ንምድህሳስ እዩ። እዞም ናይ መሬትን ምግቢን ውሕስና ጉዳያት ነቲ ኣብ ሕፅረት መሬትን ተደራቂ ዝኾነ ኣብ ሰሜን ኢትዮጵያ ከባቢ ዝነብር ድኻ ሕብረተሰብ ቀንዲ ናይ መነባብሮ መሰረት እዩ።

## 2. ውሑስ ዋንነት መሬትን ውሕስና ምግቢን

ኣብዚ ሕዚ እዋን ናይ ዝተፈላለዩ ፅንዓታትን ፖሊሲታትን ድሌትን ተበግሶን ኣብ ሞንጎ መሬትን ውሕስና ምግቢን ዘለዉ ርክባት ብግልፂ ንምርዳእ'ዩ። ኣብ ምዕባለ ንዝርከባ ሃገራት፤ መሬት ሓደ ካብቶም ቀንዲ መፍረያይ እታወታት ናይ ሓረስቶት መነባብሮ እዩ። ኣብ ገጠር መሬት ዝርክብ ብመንግስቲ ድጋፍን ብዘይስሩዕ መሬት ምልውዋጥን እዩ። ካብ ዝሓለፉ ኣርባዓ ዓመታትን ልዕሊኡን ጀሚሩ ስሩዕ ናይ መሬት መሸጣ ተከልኪሉ እዩ። ምኽንያቱ ድማ ብኣዋጅ መሰረት መሬት ንብረት ናይ መንግስቲ ብምዃኑ ምሻጥ ወይ መትሓዚ ክኸውን ኣይከኣልን ስለዝብል'ዩ።

ብዘይካ ሓረስቶትን ብእንስሳ ዝመሓደሩን ናይ ምጥቃም መሰል ዝነበሮም ኩሉ መሬት ብመንግስቲ ከም ዝውነን ይኹን እምበር ሕድሕድ ስድራቤት መሬት ክጥቀሙሉን ከካርዮን ከም ዝኽእሉ እዩ። ናይ መሬት ጉዳይ ጥንኩር ቅዋምን መርገፂን ናይ ፖሊሲ ተገዳስነትን ዘለዎ ኮይኑ ሕርሻዊ ምዕባለ ውሕስና ምግቢ ክንክን ሃፍቲ ተፈጥሮ ድኽነት ምንካይን መሰል ወዲ ሰብን ዘጠቓለለ'እዩ።

መረዳእታት ከምዝሕብርዎ ሓረስታይ ሕብረተሰብ ዘለዎ መሬት ምቕናስ ወይ ኣቕርቦት ዘይምህላው ዝረኽቦ ኣታውን ምግቢን ክቕንሰ ይገብር።

ኣብ መሬት ዋንነት ዝተገብሩ ፅንዓታት ከምዘመላኽትዎ ምዕባይ ውሕስ ዋንነት መፍረይቲ እታወታት ውዒኢታውነትን መፍረያይነትን ትርፊ ዘለዎ ምህርቲ ምርካብ ከምዝከኣልዩ። እዙይ ካብ ናይ ባዕልና ምህርትን ንግድን ዝለዓለ ምግቢ ንክንረክብ ይገብር። ብተወሳኺ ካብ ናይ ሓባር ሃፍቲ ንሃፍቲ እንስሳ ምህርትን ካብ ሕርሻዊ ወፃኢ ዘሎ መነባበርን ዕንፀይትን ካልኦት ናይ ደን ውፅኢታትን ናይ በረኻ ምግቢታትን ንናይ ገጠር ሕብረተሰብ መነባብሮ ዝለዓለ ኣበርክቶ ኣለዎ።

### 3. ናይ መሬት ውሕስና ዕዳጋ መሬትን ኣብ ኢትዮጵያ

ብመሰረት ሕገ-መንግስቲ ኢትዮጵያ መሬት ናይ ህዝብን መንግስትን እዩ። ሓረስቶት መሬት ዝረኽቡሉ ዕድል ድማ ኣብ ኢድ ጣብያ መሬት ምምሕዳር ሓላፍነት ዝተደረኸ እዩ።

መሬት ናይ ምርካብ ዕድል ዝውሰን፤

- ኣብቲ ከባቢ ቐዋም ነባራይ ብምኻንን
- "ቐፃልነት ብዘለዎ መንገዲ ከልምዕ ይኽእልዩ ኣይኽእልን?" ዝብሉ ሓሳባት ምስተረጋገፁ እዩ።

እዞም ረቛሓታት ዘማልአ ሓረስታይ መሬት ናይ ምርካብን ካብታ መሬት ናይ ምጥቓምን መሰል ጥራሕ ኣለዎ። ይኹን ድኣምክበር መሬት ምክራይ፤መሬትን ንኻልእ ሰብ ምትሕልላፍ ፤መሬት ምሻጥን ብዘይሕጋው መንገድን ብሑቡእን ይካየዱ እዮም።

ኣብዚ ሕዚ እዋን መሬት መሰረት ዝገበረ ምትዕድዳግ ብፍላይ ድማ መሬት ምጥባንን መሬት ብቕርሺ ምክራይን እናወሰኹ ይርከቡ። ኣብ ገጠር ካብ 15 ክሳብ 30 ፐርሰንት ዝኾኑ መራሕቲ ስድራ መሬት መሰረት ዝገበረ ምትዕድዳግ ከምዝካየዱ መፅናዕትታት ይሕብሩ።

ሓረስቶት መሬት መሰረት ዝገበረ ምትዕድዳግ ዝመርፅሉ ምኽንያት፤

- መሬት ከም ፍልፍል ሃፍቲ መርከብ ንምጥቓምን ክሳራ ንምቕናስን (ድርቂ፤ ውህጅ ፤ ሕማም ዝራእቲ ወ.ዘ.ተ)፣
- መፍረያይነት ሕርሻ ንዝፀልዉ ኩነታት ሚዛን ንምትሓዝ (መሬት ንጉልበት ወይ ጉልበት ንመሬት)

- ካብ መሬት ምትዕድዳግ (ምክራይ) ወፃኢ ካልእ መማረፂ ስለዘይብሎም ወይከዓ ዝተማለአ ስለዘይኮነ፣
- ከም መፍትሒ ንልቃሕ ናይ ዘይምርካብ ዕድል፤ ብዕራይ ዘይምህላው ፤ ሽቃሊ ኣብ ቀረባ ዘይምርካብ፣
- ዝሐሸ ዓቕሚ ንዘለዎም ሰባት መሬት ብምክራይ መፍራያይነት ሕርሻ ንምውሳኽ።

መፅናዕትታት ከምዝሕብርዎ ናይ መሬት ምትዕድዳግ ቐፃልነት ክህልዎ ካብ ዝገብሩ ኩነታት እቶም ቐንዲ፤

- በዝሒ ህዝቢ ምውሳኽ፣
- ምስፍሕፋሕ መሰረተ-ልምዓት (ከምን መንገዲ፤መስኖን፤ምትእስሳር ዕዳጋን ዝኣምበሉ)
- ምውሳኽ ትርፍን ዕዳጋ-ቶኮር ዝኾነ ሕርሻን ምፍራይን፣
- ሓፈሻዊ ናይ ኢኮኖሚ ምዕባለ ኣብ ገጠር ምህላውን እዮም።

ዝሐሸ ናብራ ዘለዎም ሓረስቶት፤ማለት ውን ጉልበት ዘለዎም፣ ብዕራይ ዘውንኑ እኹል ዘርኢ ዘለዎምን መንቀሳቐሲ ፣ጥረ ገንዘብ ዘለዎምን ብቐሊሉ መሬት ክካረዩ ይኽእሉ እዮም። ይኹን ድ'ምበር ተሓራሳይ መሬት ዘይብሎምን ተሓራሳይ መሬት ዝወሓዶምን ሓረስቶት ግና መጠን ተሓራሳይ መሬቶም ንምውሳኽ ብምዕላም ልዑል ጠለብ ዕዳጋ መሬት ንክህሉ ይገብሩ። እዞም ሓረስቶት እዚኦም ብዕራይ መሬትን ገንዘብን ስለዘይብሎም ብፍላይ መናእሰይን ሓደሽቲ ጎጆ ዝወፀኡን ሓረስቶት መሬት ንምርካብ ዝጥቀምሉ ሜላ ጉልበት ምስ መሬት ምቅይያር ወይከዓ ጉልበቶም ብምክራይን እዩ። እምነት ዝወሀቦን ፃዕራምን ዝኾነ ውልቀሰብ (ካብ ዓውድ ዘይሰርቐ፤ ስራሕ ዝፎቱን) ሓረስታይ ዋላ ካብ ቤተሰቡ ወፃኢ መሬት ናይ ምክራይን ንነወሕ ጊዜ ንክፀንሕን ዝሐሸ ዕድል ኣለዎ።

መፅናዕትታት ዕዳጋ መሬት ጥንኩርን ድኹምን ጎንታት ከምዘለዉዎ የማላኽቱ።

እቶም ጥንኩራት ጎኒ ዝባሃሉ

- መሬት ናይ ምርካብ ዕድል ንክውስኽ ይገብር፣
- ፍትሓዊም ሕደራ መሬት ንክህሉ ይገብር፣
- ድኻታት ሓረስቶት ጥሪት ንክፈጥሩን ሃፍቲ ንከዋህልሉን ከም መበገሲ ኮይኑ የገልገል፣
- መፍረያይነት ሕርሻ ንዝፀልዉ ኩነታት ምዛን ንክሕዙ ይገብር፣
- ካብ መሬት ምትዕድዳግ (ምክራይ) ወፃኢ ካልእ መማረፅ ኣብ ዘይህልወሉ እዋን ከም ግዝያዊ ዛው መፍትሒ ኾይኑ የገልግል።

እቶም ድኹማት ጎኒ ዝባሃሉ ድማ፤

- መሬት ናይ ምክራይ መሰል ፀቢብን ተፈፃምነቱ ድማ ቱሑት ምኻኑን
- ዕዳጋ መሬት ከባብያዊ ማለት ውን ኣብ ቑሸት ወይከዓ ኣብ ጣብያ ጥራሕ ዝተሓፀረን ድኹም ንግድ መሬት  ንክህሉ ስለዝገብር፣
- መሰል  ንምከራይ መሬት ንምርካብ ክፍሊት ዝሓትት ምኻኑ፣
- ሰፊሕ ናይ ሕርሻ ኽእለትን ተሞክሮን ዝሓትትን ዝኾነ ዓይነት ክፍተት ክህሉ ዘይፈቅድ ምኻኑ (ብፍላይ ንድኻታትን መናእሰይ ዓብይ መሕንቆ ምኻኑን ገልኦም እዮም)፡፡

## 4. ምምሕያሽ ዋንነት መሬትን ውሕስና ምግቢ

ንንውሕ ዝበሉ እዋናት ቀንዲ ዋኒን ትካላት ዋንነት መሬት ሕርሻን ቁጠባዊ ምዕባለን ናይ ፖሊሲ ስጉምትታት ኮይኖም ፀኒሖም እዮም፡፡ ይኹን ድ'ምበር እቲ ኣግባብ ምምሕያሽ ዋንነት ግን ኣብ ዝተፈላለዩ ከባብታት ዝፈላለ እዩ፡፡ ኣብ ኣፍሪቃ ምምሕያሽ ዋንነት መሬት ንዘገምታዊ ወይ ከዓ ሕጋዊ ለውጢ ብመልክዕ ልማዳዊ ስርዓት ዋንነት መሬት ብመንፅር ምርግጋፅ ስርዓት ውሕስና ዋንነት ውልቀ ንብረት፣ ንምም ሕያሽ መፍረያይነት፣ ንምትብባዕ ዝሐሸ ልምዲ ዕቀባ መሬትን ይግለፅ፡፡

ፖሊሲታት ውሕስናን ኣጠቓቕማ መሬትን ፣

- ✓ ኣግባብ ኣጠቓቕማ ተፈጥሮ ሃፍቲ ህዝብታት ብምጽላው ኣብ ዋጋ መሬት፣ኢንቨስትመንት፣ ምጥቃም እታወታት ንልሙዕነት መሬትን ዕልዋ የሕድር
- ✓ ስራሕቲ ዕቀባን ምምሕያሽ መሬትን ንክህሉ ከም መተባብዒ የገልግል: ምኽንያቱ ህዝቢ ጥቕሚ ክረኽቡሉ ከምዝኽእሉ ርግፀኛ ስለዝኮነ'ዩ፣
- ✓ ናይ ማእኸላይን ነዊሕን ዕድል ልቓሕ ንክቃላጠፍ የኽእል:
- ✓ ኣብ ፅሬትን ዋንነትን መሬት : ዘሎ ናይ ሓበሬታ ኣፈላላይ ምዕባብ በዚ,መሰረት'ውን ኣብ ምትዕድዳግ ዝህሉ ወፃኢ ምንካይ:

- ✓ እዚ ድማ መሬት ካብዘይብቑዕ ናብ ብቑዕ ተጠቃማይ ብምትሕልላፍ ይሕግዝ:
- ✓ ህዝቢ መሰረት ዝገበረ ብቑዕ ምሕደራ መሬትን ምርግጋፅን ከምኡውን ምጉሕጓሕ ከባብን ናይ ህዝቢ መሬት (ደኒ፣ መግሃ ጫን ጎቦታትን) ብዘይ ኣግባብ ምጥሓስ ንከይህሉ የኽእል።
- ✓ ልዕሊ ዓቐን ኣጠቓቕማ ማይ ዘስዕብ ናይ ህዝቢ ሓበራዊ ማያት ከም ብነፃ ዝርከብ ርካሽ ሃፍቲ ጌይርካ ኣብ ምውሳድ ዘሎ ኣተሓሳስባ ከይተባባዕ ይገብር። ይኹን ድ'ምበር እዚ ውሕስና ምስ ውልቀ ትሕዝቶ/ዋንነት መሬት ማዕረ ኣይኮነን።

## መካትዒ ዛዕባታት

ኣብዚ እዋን እዚ መንግስቲ ኢትዮጵያ ገጠር መሬት ናይ ማሕበረሰብ ናይ ምግባር ዘለዎ ኣረኣእያ፣ ኣብ ገጠር ማዕርነት ንከይህሉ ንመሬት በቲ ድኻ ብኣግባቡ ንከይተሓዝን ኢሉውን ስእነት መሬት፣ ካብ ገጠር ናብ ከተማ ፍልሰትን፣ ስራሕስእነትን ማሕበራዊ ዘይምርግጋፅን የስዕብ። ስለዚ እቲ ናይ ገጠር ድኻ ቀፃልነት ዘለዎ ተጠቃምነት መሬት ንክረጋገፀሉ እቲ ህዝቢ ዋንነት ክህልዎን በብግዚኡ ከም ብሓዱሽ መሬት ክከፋፈልን ምግባር እቲ እንኮ መማረፂ እዩ።

- ዋንነት መሬት ኣብ ኢትዮጵያ ክንደየናይ ውሑስ እዩ?
- ተቓውሞታት
- ኣብዚ ሕዚ እዋን ኣብ ኢትዮጵያ ዘሎ ስርዓት ዋንነት መሬት ንለውጢ ድልው ዘይኮነ'ዩ። ንቕልጡፍ ተለዋዋጣይ ባህርያት ናይ ገጠር ህዝቢ ንለውጢ ከባቢያዊ ቕርፅን ምላሽ ዘይምሃቡ፤ ቶም ማሕበረ-ቁጠባዊ ፀገማት ንክናውሑ ይገብር። ብተወሳኺ ውህሉል ውድቀት ከምፅእ ዝኽእል ዩ።
- እቲ ክፍለ ኢኮኖሚ ተወሳኺ ዝሰርሕ ሓይሊ ሰብ ናይ ምሽካም ዓቕሚ የብሉን።
- እዚ ፖሊሲ 'ናይ ኢትዮጵያ ሓረስታይ ንባዕሉ ዝረብሓ ነገር ኣይፈልጥን' ኢሉ ይሓስብ።
- እቲ ዘሎ ስርዓት ዋንነት መሬት ነቲ ናይ ፌደራልን ክልልን መንግስቲ ነቲ ሓረስታይ ከም ፍልፍል ስልጣንን መቆፃፀርን እናገልገለ ይርከብ።
- ዳግመ ዕደላ መሬት ንኽምቕናስ፣ ብቕዓት ኣፈፃፅማ ንምውሳኽን ዕቤት ዘላቒ መሰረት ንምንፃፍን ይሕግዝ።

- ብሓፈሻ ቅድም ኢሉ ውሱናት ምሁራት ስነ ቁጠባ ካብ ዘረጋገፅዎ ብዝ ተፈለየ፣ ምውናን ተመጣጣኒ ጥሪት/ሃፍተገነት ንቁጠባዊ ዕቤት ፅቡቕ እዩ፡፡
- ብግቡ እዝ ተተለመ ፕሮግራም ምምሕያሽ ምሕደራ መሬት ኣብ ፍትሓውነትን መፍረያይነትን ትዓብይ ፅልዋ ከምዘለዎ ዘስማዕምዕ ጉዳይ'ዩ፡፡
- መንግስቲ ዝመርሖ ፕሮግራም ዳግመ ዕደላ መሬት፣ብዕዳጋ ወይድማ መብዛሕትኡ ግዜ ኣገዲድካ ንሰብ ዋና ብካሕሳን ብዘይካሕሳን ይትግበር
- ብዙሕ ግዜ ኣካል ዓበይቲ ፖለቲካዊ ለውጢን፣ ዳግማይ ምውቓርን'ዩ
- ንተጠቀምቲ ዝተፈላለዩ መልክዕ ብዘለዎም ድጋፋት ዝተዓጀበ'ዩ
- ቁልፊ ሕቶታት ቅደም-ሰዓብ ተጠቀምትን መረፃ መሬትን
- ዳግመ እደላ መሬት ድኽነት ንምቕናስ፣ ብቕዓት ኣፈፃፅማ ንምውሳኽን ዕቤት ዘላቒ ሕርሻን ቑጠባዊ መሰረት ዘንፅፍ'ዩ
- ምውናን ተመጣጣኒ ጥሪት/ሃፍተ-ገነት ንቁጠባዊ ዕቤት ፅቡቕ ምኻኑ ግን ድማ ተኸታታሊ ዳግመ ዕደላ መሬት ዘይውሑሱን እኹል ዘይኮነ ውሕስናን ይፈጥር፡፡

**ምስ ውሕስና መሬት ተተሓሒዙ ቀንዲ እዋናዊ ክትዓት ኣብዞም ዝስዕቡን ዝኣመሰሉን ዛዕባታት ማእኸሉ ይገብር፡፡**

- ተነፃፃሪ ረብሓ ስሩዕን ዘይስሩዕን ስርዓት ዋንነት፣
- ናይ ኣናእሽተይን ዓበይትን ሰፍሓት ዘለዎም ናይ መሬት ትሕዝቶታት ቑጠባዊ ኣዋፃኣይነቶም ምድህሳስ፣
- ፅልዋ ዝተፈላለዩ ስርዓት ዋንነት ኣብ ምሕደራ ተፈጥሮ ሃፍቲ፣
- ሓበራዊ ሃፍትታት ውፅኢታዊ ብዝኾነ መገዲ ዝመሓደርሉ ቕድመ-ኹነት ምቕማጥን ምስመዳርግቲ ዝመሓደርሉ ኣማራፅታት ምንዳይን
- ብምኽንያት ስእነት ዕድል ምርካብ መሬት ገለ ክፋል ማሕበረሰብ ብቐፃልነት ክግለሉ ምግባር፣
- ዕዳጋ መሰረት ዝገበረን ዕዳጋ መሰረት ዘይገበረን ሜላም ምሕያሽ መሬት
- ጉዳያት መሬትን ምፍታሕ፣
- ብመንፅር ወድዓዊ ፖሊሲያዊ ስጉምቲታት ክልተቀንዲ ነጥብታት ተጠቒሶም ኣለዉ፣
    - ዳግመ-ዕደላ መሬት

- ውሕስና ዋንነት መሬት
- ኣብ'ታ ሃገር/ኣብ'ቲ መንግስቲ መሬትን ናይ መሬት ስልጣንን ብኸመይ ክውሰን ኣለዎ?
- ናይ መሬት ዕዳጋ ብኸመይ ንክፍቀድ/ክተባባዕ ኣለዎ?
- ሃፍቲ ኣበየናይ ብርኪ ክፋል ሕ/ሰብን ብኸመይ ይቆፃፀርን ይመሓደርን?
- ኣብ መሬት ክፍጠሩ ዝኽእሉ ፀገማት ከመይ ይእለዩ?
- ብስሩዕ ኣፍልጦ ዘይተውሃቦ፣ ብልሙድ ዝተትሓዘት ሕጃን ሓበራዊ መሰላትን ብኸመይ ብሕጊ ይእለዩ?
- መሰል ደቂ ኣንስትዮ ኣብ መሬት ብከመይ ይረጋገፅ?
- ንነዊሕ ግዘ ኣብ ሕርሻ ዝሰርሑን ተዋፊሮም ዝሰርሑን መሰል ዋንነት ከመይ ይረጋገፀሎም?
- ናይ ዘላናትን ካልኦትን ስርዓት ዋንነት ከመይ ኣፍልጦ ይወሃቦ?
- ብዘይሕጋዊ መንገዲ መፅዮም ኣብ ከተማ ዝሰፈሩ ድኻታት ሰፈርቲ ከመይ ይመሓደሩ/ኣፍልጦ ይወሃቦም?
- ኩሎም ናይ መሬት ዋንነት መሰላት ብኸመይ እዮም ናብ ቐሊል ውፅኢታውን ተበፃሓይን ስርዓት ኣተሓሕዛ ሰነድን መረዳእታ ክመፁ ዝኽእሉ?
- ስርዓት ዋንነት መሬት እንትቕየር በጀት ብኸመይ ምቅናስ ይካኣል?

ምምሕያሽ ትሕዝቶ መሬት ብዙሕ ናይ ውሕስና ምግቢ ጥቕምታት ኣለውዎ። ንኣብነት ኣብ መቕናስ ድኽነት፣ኣብ መንጎ ማሕብረሰብ ዘሎ ናይ ሃፍቲ ኣፈላላይ ይቕንስ፣ኢንቨስትመንት ይውኽ፣ስራሕ ፈጠራ ንክህሉ ይገብር፣ማዕርነትን ግልፅነትን ዘለዎ ናይ መሬት መበረታትዒ ክህሉ ይገብር። ኣብ ዋንነት መሬት ዝተገበሩ መፅናዕታዊ ምርምራት ከምዝሕብርዎ ምውሓስ ዋንነት መሬት ኣብ ማዕርነታዊ ኣጠቓቕማ መሬት ዝልዓለ ናይ መሬት መፍረያይነት ይውስኽ፣ ዝበለፀ ምዕቃብን ምክንኻንን መሬት ንክህሉ ይገብር፤ ኢሉውን ውሕስና ምግቢ ክረጋገፅ ከምዝገብር የረድኡ።

ኣብ መብዛሕቲኦን ናይ ኣፍሪካ ከባቢታት ጉዳይ ዋንነት መሬት ቕድም ኢሉ ብተኸታታሊ ዝተገብረ ናይ መሬት ምምሕያሽ ወይ ከዓ ምፍራስ ርክብ መካረይን ኣካራይን ተይኮነስ፤ ኣብ ልዑል መፍረያይነትን ዝተምሓየሹ ናይ መሬት ምዕቃብ

ኣሰራርሓን ዝረአ ለውጢ ኣምፂኡ እዩ። ኣብ ሓደሓደ ኩነታት ቕድም ኢሉ ናይ ሓባር ዝነበሩ ወይ ከዓ ኣብ ትሕቲ ዝተትሓዙ ናይ መሬት ዋንነት መሬት ምክራይ ብዝኽልክል ስርዓት ውሽጢ መሬት ናይ ምግዛእን ምሻጥን ክእለት ቀስ ብቐስ ናብ ውልቀን ኩነታት ግለሰብን ተለዊጡ እዩ። ምውሳኽ በዝሒ ህዝቢ፣ ምዕባይ ንግዲ ሕርሻ፣ ኣብ ግብርና ምህርቲን ቴክኖሎጂን ለውጢታት ኣብ መሰል መሬት ለውጢ ኣምፂኦም እዮም። እዞም ከምዚ ዝበሉ ለውጢታት ብናይ መንግስቲ ምዝገባን ግብሪን መርሃ ግብሪ ጣልቃ ከይኣተ ሙሉእ ብሙሉእ ናብ ናይ ውልቂ ንብረት ዋላ እንተዘያምፀ'ውን መሬት ኣብ ዝሕዘሉ እዋንን ኣብ ናይ ገጠር ኢኮኖሚ ስርጭት ዓብይ ለውጢ ኣኸቲሉ እዩ።

ናይ ነዊሕ ግዜ ናይ መሬት ሰነ ምጣነ ፅንሰ ሓሳባት ከምዝሕብርዎ፣ ብመንግስቲ ኣፍልጦን ብኣንፃር ብክልል ብዝሕለው ናይ ውልቂ በዓል ንብረትነት መሰል እንትረአ፣ ናይ ብዓል ዋንነት ደሕንነት፣ መፍረያይነት ከምዝውስኽን ልቓሕን ኢንቨስትመንትን ንክሓቱ፣ ናይ ዋኒነት ጎንፂታት ምቕናስን ኣዝዮም ውፅኢታዊ ዝኾኑ ገባራት ንትሑት ውፅኢታዊ ግባራት ኣብ መሬቶም ንክጫርቱ ምፍቓድ። ከምዚ ዝመሰሉፅንሰ ሓሳብ መፅናዕትታት ኣብ መሬት ፖሊሲ ዓብይ ረብሓ ዋላ እንተሃለዎም ኩሎም ናብ ተግባር ኣይተሰጋገሩን። ብተወሳኺ ኣብ ምውሳኽ ውሕስና ምግቢ ዝህብዎ ረብሓ ግልፂ ኣይኮነን። መሬት ኣብ ዉሱናት ብምኺኑ ንኻልኦት ጉጅለታት መሬት ኣልቦነት እውን ከምፅእ እዩ ተባሂሉ ይእመን።

ኣብ መብዛሕአን ሃገራት ኣፍሪካ ጉዳይ ምምሕያሽ ዋንነት መሬት ኣብ መሬት ትሕዝቶ ዓብይ ረብሓ ኣለዎ። ምምሕያሽ ዋንነት መሬት ብፍትሓዊነትን ብብቕዓት ምኽንያት ቴክኒካዊ ብዝኾነ ዝስራሕ ዋላኳ እንተኾነ፤ ኩሉ ግዜ ፖለቲካዊ ፅዕንቶ ይሓድሮ'ዩ። ከምዚ ዘኣምሰሉ ናይ መሬት ዋንነት ለውጢ ዓይነታት ብቴክኒካል ጥራይ ዝትግበሩ ኣይኮኑን። ብሓፍሻ እዚ ምይይጥ ብሰለስተ ዓበይቲ ናይ መሬት ዋንነት መደባት ናይ ውልቀሰብ፣ ናይ ቤተሰብን ናይ ትካልን ሕርሻ መሬት ዋንነት ዘጠቃልለ እዩ። ብበሰብ-ስልጣናትን ብሕጋዊነትን ዝተትሓዙ ትካላት ብጣዕሚ ዝተፈላለዩ እንትኾኑ ካልኦት ናይ መሬት ዓይነታት ከም ኣብነት ተጠቃሚነት ናይ ሓባር ሃፍቲታት ተፈጥሮ ከም መሬት ዝመሳሰሉ ኣድላይነት ትሕዝቶ መሬት ኣጉሊሁ የርኢ። ኣብ ቀርባ እዋን ዝተገበሩ መፅናዕትታት ከምዘርእይዎ ናይ መነባብሮ ምህዞታት መሰረቶም ምስ ናይ መሬት ዋንነት ዝተኣሳሰረ ይኹን ድ'ምበር ሓሓሊፉ ብግዜን ብኸባቢን መሰረት ዝገበረ ፍልልይ ክህሉ ንዘኽእሉ ካልኦት ሃፍትታት ንምድህሳስ ማለትውን እዎናዊ፣ ናይ ወቅቱ መብታት ወይ ዝተወስኑ መብታት ኣብ ሓደ መሬት ዘለው ግን ተመሳሳሊ ሃፍቲን ካልኦት የለውን።

ብብርኪ ስድራ ትሕዝቶ መሬት ብቐጥታ ኣብ ምርካብ ምግቢ ተፅዕኖ የሕድሩ ከምኡውን ብተዝዋዋሪ ናይ ምግቢን ኣቕርቦት ምግቢን ዋጋን ብክልል ወይ ብሃገር ብርኪ ውሕስናን ምግቢ ይፀሉ። ይኹን እምበር ኣብ ሞንጎ ትሕዝቶ መሬትን ምግቢ ውሕስናን ዘለው ምትእስሳራት ካብ ቐሊልን ቀጥታዊ ምህርቲን ንላዕሊ እዩ። ቀረብ እታወታት እኹል ምግቢ ንምርካብ ወሳናይ እዩም። ንውሕስና ምግቢ ድማ ብናይ እኹል ዝኾነ ምግቢ ምህላውን ምርካብን ኣጠቓቕማ ሃፍትን ዝውሰን እንትኸውን ምግቢ ምርካብ ድማ ቅድሚ ሕዚ ብዙሕ ትኹረት ዘይተውሃቦም ብሰለስተ ወስንቲ መለክዒታት ማለት እውን እኹል፣ ዝላቑነትን ተቓላዒነትን ዝልካዕ'ዩ። ውሕስና ምግቢን መሬት ዋንነትን ብሓባር ኣብ መፍረያይነት፣ ዕዳጋ፣ ኣጥቓቕማን ኢንቨስትመንትን መሰረታዊ ለውጢ የምፅኡ። ብተወሳኺ'ውን በቢግዚኡ ንዝመፁ መሓውራዊ ለውጢታት ኣብ ክፍፍል ሃፍቲ ኣብ ውሽጢን ኣብ ሞንጎን ስድራቤት ናይ ውሕስና ምግቢ መሰረታዊ ለውጢ የምፅእ። ኣብዚ ሕዚ እዋን ምግቢ ውሕስና ኣብ ናይ ዋንነት መፅናዕትታት ምስ ናይ ሕርሻ ንዋያት ዝተኣሳሰረ እኳ እንተኾነ ምስ ናይ ሓባር ስዲ ጋህዊ መሬትን ናይ ዱር ቦታን፣ ነዳዲ ዕንፀይቲ፣ ናይ በረኻ ፍራምረን እንስሳትን 'ውን ዝተትሓዘ እዩ። ሓደሽቲ መፅናዕቲታት ከምዝሕብርዎ ናይ መሬት ዋንነት ምምሕያሽ ሰለስተ ዓበይቲ ጥቕምታት ይህቡ፤ ንሳቶም ድማ፤

1. ናይ ኢንቨስትመንት ረብሓ (ውሕስና ዋንነት መሬት ክዓቢ ይገብር)
2. ኣቕርቦት ልቓሕ ምሽንያቱ መሬት ከም መትሕጃ ብምጥቃም ነቲ መለቀሓይ ውሕስ ንክኸውን ይገብር፣
3. ምትሕልላፍ መሬት (መሬት ናብ ብጣዕሚ መፍረይቲ ምስግጋር)

ናይ መሬት ዋንነት ንምፅናዕ ብዋናነት ውሕስና ዋንነት መሬትን መፍረያይነት ሕርሻን ዝትኣሳሰረ እዩ። ርክቦም ድማ ብኣቕርቦት ልቓሕን፣ ምዕባይ ኢንቨስትመንትን የመእኽል። ኣብ ትካላዊ ስነ ቑጠባ ስነ ሓሳብ መሰል ዋንነት ውሕስና ዋንነት ብናይ ደገን ናይ ውሽጢን ወፃኢታትን ረብሓታትን ብግቡእ ንምግንዛብን ካብ ኢንቨስትመንት ዝመፅእ ፍልፍል እቶት ንምፍላይን ይጠቅም። ናይዚ ፖሊሳዊ መፅናዕታዊ ዕላማ ናይ ዋንነት መሰል ንምርግጋፅ'ዩ። ህልው ናይ ኢኮኖሚ ፅንሰ ሓሳብ ከምዝመላኽቶ ትካላዊ ለውጢ ብዕብየት ውልቀ ዋንነት ይውሰን። ኣብ ኣፍሪቃ መሬት ዋንነት ፖሊሲ ብናይ ደገ ገበርቲ ሰናይ አቢሉ ፅልዋ ኣሕዲሩ እዩ።

## 5. ከይዲ ዋንነት መሬት ኣብ ትግራይ

ኢትዮጵያ ኣብ 1975 ሱርነቀል ዝኾነ ናይ መሬት ምምሕያሽ ኣካይዳ። እዚ ከይዲ ኩሉ መሬት መንግስቲ ክውንኖ ዝግብእን ንሕድሕድ መራሕቲ ስድራ ድማ ንምግቦም ዝኸውን ምህርቲ ንምምራት ብማዕርነት ናይ ተጠቃምነት መሰል ዝህብ ነይሩ። መሬት ንኹሉ ብማዕርነት ብምምቓል ነቶም ሓደሽቲ መራሕቲ ስድራ ንምብፃሕ ተደጋጋሚ ናይ መሬት መቐሎ ተካይዱ ነይሩ። ይኹን ድ'ምበር እዙይ መቐሎ መሬት ካብ ነባር መራሒ ስድራ እንዳቐነስካ ንሓዱሽ መራሕ ስድራ ምዕዳል መሰረት ዝገበረ ስለዝኾነ ብምኩንያት ቑልጡፍ ዝግቢ ዝኾነ በዝሒ ህዝቢ ነቲ ሕብረተሰብ እኩል ናይ መሬት ዋንነት ንከይህልዎ ገይሩ እዩ። ብ 1991 ስርኣት ደርጊ ምስተገርሰሰ ዕዳጋ ተኮር ዝኾነ ናይ ገጠር ልምዓት ፖሊሲ እኳ እንተተቀረፀ ናይ መሬት ዋንነት ግን ኣብ መንግስቲ ኮይኑ ቀፂሉ፤ መሬት ምሻጥ እውን ከም ዘይሕጋዊ ኮይኑ ቐፂሉ'ዩ። ይኹን ድአ'ምበር ናይ ሓፂር ግዜ ናይ መሬት ክራይ ግን ልክዕ ከም ጉልበት ምቁፃር ይፍቀድ እዩ ነይሩ። እንተ ናይ መሬት መቐሎን ግን ተኸልኪሉ እዩ።

እቲ ኣብ 1997 ዝወፀ። ሓዱሽ ሃገራዊ ናይ መሬት ኣዋጅ ክልላት ናይ ባዕለን መሬት ኣዋጅ ንክህልወን ዝፈቅድ ኔሩ። ብዙይ መሰረት'ውን ኣብ 1997 ትግራይ ናይ ባዕላ ኣዋጅ መሬት ዘውፅአት ፍላመይቲ ክልል ኮይና፤ እዙይ ድማ ናይ መሬት ምዝገባን ናይ ዋንነት መረጋገፂ ወረቐት ንምትግባር መሰረት ኮይንዋ። እቲ ኣብ ትግራይብዓብይኡ እውን ኣብ ኢትዮጵያ ዝነበረ ናይ መሬት ምዝገባ ኣብ ድሌት ሕብረተሰብ ዝተመስረተ ኣይነበረን።

ብሓፈሻ እዚ ኣብዚ ክልል ዝነበረ ናይ መሬት ምዝገባ ዋንነት መረጋገፂ መረቀት መሰረት ዝገበረ ናይ መሬት ዋንነት ግንዛበ ንምምሕያሽ እዚ ናይ መሬት መቐሎ ናይ መጨረሻ ምኺኑ ዘዓለመን ኔይሩ። ቀፃሊ ዝኾነ ናይ መሰል ምልውዋጥን ወይ ናብ ካልኣይ ኣካል ምምዝጋብ ዝፈቅድ ሕድሳት ዕድል ኣይተዋሃበን። እቲ ናይ መሬት ምዝገባ ዋላ'ኳ ወፃኢ ቆጣቢ ብምኳኑ እንተተነኣደ ኣብቶም ቀንዲ ትፅቢት ዝግበረሎም ግን ቅሬታ ተራእዩ እዩ። እዙይ ማለት ድማ ኣብ ኣቐርቦትን ፅሬትን ዘሎ ዘይምምጥጣን የመላኽት።

ምንም እኳ እዚኦም ዝአመስሱ ፀገማት እንተነበሩ ክልል ትግራይ ፅቡቅ ዓወታት ኣመዝጊባን ንድካ ዝስማዕማዕ ናይ መሬት ምዝገባ መሰረታዊ መርሆታት ኣተኣታትያ እያ። ቅድሚ ሕዚ ዝተገበሩ ፅንዓታት ከም ዘመነኸትዎ እዚ ወፃኢ ቆጣቢ ዝኾነ ናይ መሬት ዋንነት መረጋገፂ ምስክር ወረቐት ናይ ምሃብ ፕሮግራም ኣወንታዊ ናይ መሬት ኢንቨስትመንትን ናይ ክራይ መሬት

ውዒኢታውነትን ናይ መነባብሮ ምምሕያሽን ኔይርዎ ብፍላይ ድማ ንደቂ ኣንስትዮ መራሕቲ ስድራ።ኣብ ዳገት መሰረት ዝገበሩ ጎንፅታት እውን ኣወንታዊ ምምሕያሻት ኣርእዮም እዮም። ናይ ትግራይ ናይ መሬት ምዝገባ ዓወታት ብዙም ዝስዕቡ ውፅኢታት ይግለፁ። ድኻ-ተኮር ብምኳኑን ኣብ ፍሉይን ጠንካራን ከባብያዊ ሶሽዮ-ፖለቲካዊ ታሪክን መሰረት ዝገበረ ኔሩ። እቲ ናይ ምዝገባ ትግራይ መሬት ከይዲ ኣሳታፍን ግልፅን ኣካይዳ ስለ ዝተኸተለ ከም ብሉፅ ስራሕ ተገይሩ ተወሲዱ እዩ።

## 6. ኣብ መሬት መሰረት ዝገበረ ዕዳጋ ተኮር ሕርሻ ከም ናይ ውሕስና ምግቢ መማረፂ ስትራቴጂ

ናይ ምዕባለ ስትራቴጅታትን ፖለቲካን ንኣናኡሽተይን ዓበይቲን ናይ ሕርሻ መሬት ኣብ ዝብል ኣብ ናይ ኣካዳሚክ ማእኸል ን ዓሰርተታት ዓመታት መካትዒ ዛዕባታት ኮይኑ ፀኒሑ እዩ። ይኩን እምበር ኣብዚ ቀረባ እዋን መካተታይ ሕርሻ ናብ ዝብል ሳልሳይ መማረፂ ተቐይሩ እዩ። እዙይ ማለት ድማ ካብ ኣብ ንኡሽተይን ዓበይትን ሕርሻታት ጥራሕ ኣብ ኣግሪቢዝነስን እንዲስትሪታትን ሓረስቶትን መሰረት ዝገበረ ርክብ እዩ። እዚ ናይ ሕዚ ፅንዓታዊ ፅሑፍ ኣብ መካተታይ ሕርሻ ምዕባለ ኣማራፂ ክልሰ ሓሳብ መሰረት ዝገበረ እዩ።

ኣብዚ ዓለምላኻዊ ኣብ ናይ ሕርሻ ኢንቨስትመንት ናይ መሬት ወረራ ንዝተሓላለኩ ኣብ ገጠር ልምዓት ዘድሃቡ ክትዓት ክፍጠሩ ክኢሎም'ዮም። ሓደሓደ ሰባት ኣብ ዓበይቲ ሕርሻ ዝግበሩ ኢንቨስትመንትታት ከም ፅቡቕ ናይ ምዕባለ ፀጋታት ጌይሮም ይወስድዎም። ብኻሊእ ወገን ድማ ካልኦት ኣብ ሕርሻ ፅቡቕ ኣፍልጦ ዘለዎም ድማ ኣብ ንኡሽተይ መሬት ዝውንኑ ሓረስቶትን ናይ ሕርሻ ኣሰራርሓን መሰረት ይገብሩ። በዚ መሰረት ናይ መሬት ወረራታት እውን ኣብ ናይ ከባቢያዊ መነባብሮ ፅልዋ የሕድሩ'ዮም። እዚ ኣብ ናይ መሬት ወረራ ዝተገበረ ነቀፌታ እቲ ማሕበረሰብ ኣሳታፋይ፣ ማዕርነታዊን ዘላቒ ምዕባለን ብዘረጋግፅ መልክዑ ከም ናይ ንግዳዊ መዳርግቲ ኣካል ክኸውን ገይርዎ እዩ። ኻብዚ ክትዕ ተላዒልና መካተታይ ሕርሻ ኣብ መሬት መሰረት ዝገበረ ትርፊ ዘድሃበ ኢንቨስትመት ከም ብሉፅ ትካላዊ መፍትሒ ክኸውን ኪኢሉ'ዩ።

ናይ መካተታይ ሕርሻ ደገፍቲ እዚ ከይዲ ናይ ኣግሪቢዝነስ እንዲስትሪታት እታወታት ዝረኽብሉን ንቶም ሓረስቶት እውን ናይ ዕዳጋ ጠንቅታት ብምቕናስ ኣታዊኦም ዘዕብዩሉን ብምካኑ ንኽልቲኦም ከም ዓወት ይቆፅርዎ። እዙይ ሓሳብ እዙይ ኣብ ደቡባዊ ክፍለ-ዓለም ተፈላጣይ እንዳኾነ ይመፅእ ኣሎ። ምኽንያቱ ድማ

ዕዳጋታትን መንግስታትን ውሽጣዊ ዕዳጋ መሰረት ዝገበረ ምዕባለ ብጣዕሚ ስለዘይማዕበለ'ዩ።

እዚ መካተታይ ሕርሻ ንቶም ኣናኡሽተይን ዓበይቲ ናይ መሬት ትሕዝቶ ዘለዎምን ኣካላት ርክብ ብማዕረ ዝርኢ እምበር ንሓዲኦም ዘዳሉ ኣይኮነን። እዚ ኣካይዳ ብሰፊሑ ኣብ ዓለም-ለኻ ናይ ፍቃቓደኛታት መምርሒታት ከምኡ እውን ኣብ ሃገርለከ መንግስታትን ዓለምለከን ኣህጉራዊ ናይ ልምዓት ትካላትን ከም ባንኪ ዓለምን ናይ ኣፍሪካ ዲቨሎፕመንት ባንክን ዝረኣይ ናይ ፖሊሲ ቅምር እዩ። መካተታይ ሕርሻ ማለት ድኻ ዘሳትፍ ኣካይዳ እዩ።መካተታይ ሕርሻ ማለት ዝኮነ ኢንተርፕራይዝ ከመይ ጌይሩ ንግዲ ከምዘካይድ ምህርቱ ከመይ ጌይሩ ከምዝሸይጥን ካልኦት ንምህርቲ ዝጠቕሙ ከም እታወታትን ናይ ገንዘብ ፍልፍል ከምዝርከብን ዝገልፅ እዩ። መካተታይ ማለት ንኣናኡሽተይ መሬት ዝውንኑ መራሕቲ ስድራ ናይ ከባቢኦም ናይ ንግዲ ርክብ ብምምችቻው ምስ ሃገር-ለከን ዓለም-ለኸን ዕዳጋታት ንዝግበር ርክብ የመልክት። እዙይ ማለት መካተታይ ሕርሻ ክባሃል እንድሕር ኮይኑ ንኡሽተይ መሬት ዝውንኑ መራሕቲ ስድራን ዕዳጋን ዘራኽብ እንተኾይኑ እዩ።

መካተታይ ሕርሻ ኣብ ትርፋማነትን ናይ ሕብረተሰብ ዛዕባን ናብ ናይ ጥቕሚ ጎንፅን የምርሑ እዮም። ኣብ ናይ መካተታይ ሕርሻ ዝመፅእ ቕርሕንቲ ኣብ ሞንጎ ትርፋማነትን ናይ ሕብረተሰብ መነባብሮን ክህልዉ ዝኽእሉ ዘይምቅድዳዋት እዮም። ኣግራርያን ስተዲስ ኣብ ዝባሃል መፅናዕቲ መካተታይ ሕርሻ ከም ዓወትን ውድቀትን ይገልፆ። እዙይ መረዳእታ ኣብ ናይ ሓረስቶት ተቓላዓይነትን ስልጣን ዘይምህላውን ዘተኮረ እንተኸውን ከምዙይ ዓይነት ከይዲ እቶም ሓረስቶት ድሌታቶም ኣብ ኢንዲስትሪታት ተፀባያይ ክገብር ይኸእል እዩ ይብሉ። ስለዙይ ድማ ኣብ ሞንጎ ሓረስቶት ኣድላይ ርክብ ንከይህሉን ዕዳጋ-ተኮር ዝኾኑ ምህርቲ ብምስፍሕፋሕ ናይ ምግቢ ምህርትታት ንክቕንሱ ይገበር። እዙይ ቅድሚ ሕዚ ዘሎ ውስን መፅናዕቲ መካተታይ ሕርሻ ከይዲ መካተታይነቱ ናይ ስልጣን ኣፈላላይን ሽፋኖምን ኣብ ከይዲ ዘለው ፀገማት ብምባል የቐምጦም።

## 7. ኣብ ፖሊሲ ዘለዎ ረብሓ

ኣብ ኢትዮጵያ ክሳብ ሕዚ እዋን ኣብ ናይ መሬት ዋንነት ዓይነት ናይ ፖሊሲ ክትዕ እኳ እንተሃለወ ኣብ ዝሓለፈ ናይ መሬት መቀሎ ወይ ብውርሲ ካብ ቤተሰብ ንዝረኸብዎ መሬት ናይ መሬት ምዝገባ ዋንነት መረጋገ ወረቀት ብምሃብ ናይ ሓፂር ግዜ ዋንነት ንክህሉ ዝገብር እዩ። ናይ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ኩሎም ናይ መሬት ዋንነት ምስክር ወረቐታት ቅድሚ ምሃብ ናይ ኩሎም መሬት ቆፀራን

ምዝገባን ተካይዱ እዩ። እዙይ ከይዲ ምዝገባ ኣብ ናይ ሰፈራ መሬታትን ኣብ ቀረባ ግዜ ኣብ ዝተኻየዱ ውስን ናይ ማሕበራዊ መሬት መቐሎእውን ቀፂሉ እዩ።

ናይ መሬት ምዝገባ መሰረት ዝገበረ ዋንነት መሬት ሓረስቶት ሓዱሽ ቴክኖሎጂ ንክጥቀሙ ብምብርትታዕን ኣብ ግራውቶም ናይ ሓመድን ማይን ዕቀባ ብምክያዶምን ናይ መሬት ኣጠቓቕማ ምምሕያሽን ምህርትን ኣብ ምውሳኽ ኣበርክቶ ከም ዘለዎ ይእመነሉ። መንግስቲ ኢትዮጵያ ናይ መሬት ዋንነት ዘተኣማምን ንክኸውን ፃዕሪ ጌሩ እዩ። ምኽንያቱ ዋንነቱ ዘተኣማምን እንድሕር ኮይኑ ሓረስቶት ኣብ ምንካይ ውሕጅን ናይ መሬት ልሙዕነትን ዝሕግዙ ቴክኖሎጂታትን ንክተኣታተው ስለዘበረታትዕ እዩ። እዙይ ናይ መንግስቲ ፖሊሲ ካልኦት ትፅቢት ዝተገበረሎምን ዘይተገበረሎምን ውፅኢታት ንክርኣዩ ክገብር ይኽእል'ዩ። እቶም ብምኽንያት መሬት ምዝገባ ትፅቢት ዝተገበረሎም ለውጥታት መሬት ኣብ ጥቅሚ ምውዓልን ናይ ልቃሕ ቀረብ ምህላውን 'ዮም።

እዙይ ናይ መሬት ምዝገባ ወይ ናይ መሬት መረጋገፂ ወረቐት ኣብ ዘተኣማምን ናይ መሬት ዋንነትን ኀልበት ዘድልዮ ናይ መሬት ልምዓትን ኢንቨስትመንትን ዝብል ኣብ ከይዲ ዝርከብ መመያየጢ ሓሳብ ኮይኑ እዩ። እቲ ቐድሚ ሕዚ ዘሎ መረዳእታ ሓደ ዓይነት ኣይኮነን። ብመሰረት ካብ ኣህጉር ኤሽያን ካልኦትን ዝተረከበ ውፀኣት መፅናዕቲ እዙይ ዓይነት ናይ መሬት ምዝገባ ዋንነት መሬት ዘጠናኽር እንትኾውን ኣብ ኣፍሪቃ ዝረኽብናዮም መረዳእታታት ግና ናይ መሬት ምዝገባን ዋንነትን ብተፃራሪኡ እዮም። ምኽንያቱ ድማ ነዚ ዝወፅእ ወፃኢ ልዑል ብምኳኑን እቲ ውፅኢቱ ከምቲ ተፅቢት ዝተገበረሉ ስለዘይኮነን'ዩ።

ናይ መሬት ምዝገባ ወይ ዋንነት ኣብ መሬት ክራይ ምስላጥ ዘለዎ ግደ ኣብ እተፀንዐ ፅንዓት እዚ ናይ መሬት ናይ ምሕደራ ለውጢ ኣብ ናይ መሬት ክራይ ዕዳጋ ተሳትፎ ንክውስኽ ጌይሩ እዩ። ይኹን ድ'ምበር ናይ መሬት ውሕስና ኣብ ናይ ምግቢ ውሕስና ዘለዎ ኣስተዋፅኦ ኩሉ ግዜ መካትዒ ኮይኑ ይርከብ።

## 7. References

Boserup, E. (1981). Population and technological change: a study of long-term trends. Chicago: University of Chicago Press.

Godfray, H. C. J., Beddington, J. R., Crute, I., Haddad, L., Lawrence, D., Muir, J. F., Toulmin, C. (2010). Food Security: The Challenge of Feeding 9 Billion People. Science, 327(812), 812—818. https://doi.org/10.1126/science.1185383

Holden, S.T. and Ghebru, H. 2016. Land tenure reforms, tenure security and food security in poor agrarian economies: Causal linkages and research gaps. *Global Food Security 10:21—28.*

Holden, S.T.,Ghebru,H.(2013). Household welfare effects of low-cost land certification in Ethiopia.In:Holden,S.T.,Otsuka,K.,Deininger,K.(Eds.), LandTenure Reformsin Asiaand Africa: Impacts on Poverty and Natural Resource Management. Palgrave Macmillan,London &NewYork,pp.137—161.

Holden, S.T.,Deininger,K.,Ghebru,H.(2009). Impacts oflow-cost land certification on Investment and productivity.Am.J.Agric.Econ.91(2),359—373.

Holden,S.T.,Deininger,K.,Ghebru,H.(2011).Tenure insecurity, gender, low-cost land certification, and land rental market participation.*J.Dev.Stud.47(1), 31—47.*

LANDac. (2016). Linking land governance and food security in Africa Outcomes from Uganda, Ghana & Ethiopia: Outcomes from Uganda, Ghana & Ethiopia. Available: https://landportal.org/library/resources/mokoro7861/linking-land-governance-and-food-security-africa-outcomes-uganda-ghana

Rahmato, D. (2011). Land to investors*: Large-Scale Land Transfers in Ethiopia*. Forum for Social Studies. Addis Ababa.

World Food Summit. (1996). World food summit. https://doi.org/10.2307/3433234

Gebru, K. M., Leung, M., Rammelt, C., Zoomers, A., & van Westen, G. (2019a). Vegetable business and smallholders' food security: Empirical findings from Northern Ethiopia. Sustainability (Switzerland), 11(3), 1—28. https://doi.org/10.3390/su11030743

Gebru, K.M., Rammelt, C., Leung, M. Zoomers, A.; van Westen, G.

(2019b). Inclusive malt barley business and household food security in Lay Gayint district of northern Ethiopia. *Food Security, 11: 953—966. https://doi.org/10.1007/s12571-019-00939-6*

